# ብልዕሊ 60 ሚልዮን ዶላር፡ ዝተማለአ መሳርሒታት ዝሓዛ፡

# ትካላት ጥዕና ይህነጻ'ለዋ

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብቕዓትን ደረጃን ጥዕናዊ ኣገልግሎታት ንምሕያል፡ ብልዕሊ 60 ሚልዮን ዶላር፡ ዝተማለአ መሳርሒታት ዝሓዛ ትካላት ጥዕና ኣብ ምህናጽ ከም ዝርከብ፡ ሚኒስተር ጥዕና ኣቶ ሳልሕ መኪ፡ ንመርበብ ሓበሬታ ሻዕብያ ሓቢሩ። ኣስታት 20 ሚልዮን ዶላር ንመሳርሒ ናውቲ ሕክምና፡ ልዕሊ 30 ሚልዮን ዶላር ድማ ንህንጻታት ምዃኑ ከኣ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብደረጃ ሃገር፡ ዝተማልአ መወከሲ (Referal) ሆስፒታል ኽኸዉ፡ ኣብ መፋርቕ 2002 ክትፍጸም ትጽቢት ዝግበረላ፡ ብኣስታት 15 ሚልዮን ዶላር 200 ዓራት ዝሓዘት፡ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ትህነጽ ኣላ።

ኣብ ዞባታት'ውን፡ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ክህልዋ ስለ ዘለወን፡ ኣብ ባረንቱን መንደፈራን ብ20 ሚልዮን ዶላር፡ ኣብ መፋርቕ 2003 ክፍጸማ ትጽቢት ዝግበረለን፡ ነፍሲ ወከፈን 200 ዓራት ዝሕዛ፡ መወከሲ ሆስፒታላት ይህነጻ ኣለዋ። ሆስፒታል ሓሊበት ንዞባ ማእከል ከተገልግል ብ6.5 ሚልዮን ዶላር ናይ ምስፋሓ ስራሕ ይሰላሰል ኣሎ። ንመወከሲ ሆስፒታል ዓሰብ ንምስፋሕ ምሉእ ምድላዋት ተገይሩ ኣሎ። ሚኒስተር ሳልሕ መኪ መግለጺኡ ብምቕጻል "ሆስፒታል ባጽዕ፡ ቀጻሊ ጽገናታት ክግበረላ ጸኒሑ። ሕጂ ግን ካልእ ዝሓሸት ሆስፒታል ክንሃንጽ መደብ ኣሎ"' ኢሉ።

ኣብ ንኡሳን ዞባታት'ውን ኮሚኒቲ ሆስፒታላት ክህልዋ ኣለወን። ኣብ ደቀምሓረን ጢሮን ቅድሚ ዓመት ተሃኒጸን ኣገልግሎት ይህባ ኣለዋ። ኣብ ጊንዳዕ፡ ኣብ መወዳእታ 2002 ክትፍጸም ትጽቢት ዝግበረላ፡ ብ5.6 ሚልዮን ዶላር ትህነጽ ኣላ። ሆስፒታል ሓዝሓዝ'ውን ምትዕርራያት ይግበረላ ኣሎ። ኣብ ቪላጆ ብ1.4 ሚልዮን ዶላር ካልእ ሆስፒታል ትህነጽ ኣላ። ኣብ ሰንዓፈን ዕዳጋ ሓሙስን (ኣስመራ) ንምህናጽ ዲዛይን ክውዳእ እንከሎ፡ ኣብ ዕድን ኣቑርደትን ድሒረን ክህነጻ ምዃነን'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ብኣስታት ሓደ ሚልዮን ዶላር ዝተሃንጸትን፡ ዝተማልአ መሳርሒታት ዝሓዘትን፡ ሃገራዊ ኣገግሎት ባንኪ ደም፡ ንኣገልግሎት ድልውቲ ኮይና ኣላ። ሕክምና ኣዴታትን ህጻናትን (MCH)፡ ብ1.6 ሚልዮን ዶላር፡ ኣብ ዓዲ-ቐይሕ፡ መንደፈራን ኣማተረን (ባጽዕ) ተሃኒጸን ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣገልግሎት ክህባ ጀሚረን ኣለዋ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ብዘካ'ዚ ጥዕናዊ ኣገልግሎታት፡ ንሆስፒታላት ኢናኢልን ሰምበልን (ኣብ ቀጽሪ ደምበ ሰንበል ዝርከብ)፡ ብገንዘቡን ብዝመረጾ ሓኪምን ክሕከም ንዝደሊ ከገልግል፡ ብኣስታት 11 ሚልዮን ዶላር ጽገናታት ብምግባርን ዝተማልአ ዘመናዊ መሳርሕታት ብምቕራብን፡ ድሉው ገይርዎ ኣሎ። ሚኒስተር ሳልሕ መኪ "ኣብ ሱዕድያ 5000 ከፊሉ ዝሕከም፡ ኣብ'ዚ ብ3000 ክሕከም ይኽእል ኢዩ" ብምባል ዝሓሸን ተመራጽን ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ካብ ምርግጋጽ ዝርገሐ ጥዕናዊ ኣገልግሎታት ናብ ምርግጋጽ ብቕዓትን ደረጃን ጥዕናዊ ኣገልግሎታት ተሰጋጊሩ ኣሎ። ካብ እዋን ሓርነት ካሳብ 2000፡ 7 ሆስፒታላት፡ 48 ማእከላት ጥዕና፡ 98 መደበራት ጥዕናን ካልእን ብምህናጽ ኣገልግሎት ጥዕና ብ120% ክብ ከም ዘበሎ ዝፍለጥ ኢዩ። ብቕዓትን ደረጃን ጥዕናዊ ኣገልግሎታት ንምርግጋጽ ከኣ ኣብ ከባብያዊ ዓ ድታት መደበራት ጥዕና፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኮሚኒቲ ሆስፒታላት፡ ኣብ ዞባታት ድማ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ክህልዋ እየን።

ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ድማ ኣብ ቀጽሪ መካነ ሂወት ሆስፒታል ዝርከብ፡ ናይ ህጻናት፡ ሓራሳትን ኣዴታትን ሆስፒታላት፡ ኣብ ምህናጽ ዝርከብ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ሕክምና ዓይኒ፡ ቅድስቲ ማርያም ናይ ኣእምሮን ፊዝዮተራፒን ሕክምና የጠቓልል።

ብዘይካ'ዚ ወሃቢ ደገፍ ዝበሃል ካልእ ማእከል'ውን ብዝተወደበ መልክዑ ክሰርሕ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ፡ ማእከላይ ላቦራቶሪ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንኪ ደም፡ ምምዕባልን ምስልጣንን ዓቕሚ ሰብን ምርምርን፡ ቤት ንባብ፡ ምቁጽጻር ብቕዓትን ደራጃታትን መሳርሒታትን መድሃኒትን ክሓቍፍ ኢዩ። ሚኒስተር ጥዕና ኣቶ ሳልሕ መኪ፡ "ኣብ ኤርትራ ዋሕዲ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ዘይኮነስ፡ ናይ ምሕደራን ደረጃታትን ጸገም ኢዩ ጸኒሑ። ኣብ ሓደ ዶክተር መጥባሕቲ ዘድልዮን ንእሽቶ ቁስሊ ዘላቶን ብሓንሳ ይሰርዑ" ብምባል " እዚ ሒዝናዮ ዘለና ዕማም፡ ነዚ ንምፍታሕ ዝዓለመ ኢዩ" ክብል ኣረዲኡ።